# ሃሞራቢ ዝብሃል (ዲና ሙፊቲ፣ ተኣምራት ነገራ) ፈላስፋ

ሃሞራቢ ዝብሃል (ዲና ሙፊቲ፣ ተኣምራት ነገራ) ፈላስፋ ኔሩ። ደቂ ተባዓትዮ 32 ሰኒ፣ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ 30 ስኒ ኣለወን እንዳበለ ይምህር ኔሩ። ሕዝቢ ስዕብዎ። ብዓል ኣርሲቶቲል ምስ መጹ "ኣንታ እዚ ሃሞራቢስ (ዲና ሙፊቲ፣ ተኣምራት ነገራ) እንታይ ኮይኑ ሰበይቱ ኣብ ጥቕኡ እንዶ ኣይነበረትን ናይ ሰበይቱን ከምኡ ከኣ ናይ ጉሉ፣ ወረግ ናይ ጎሮባብቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣስናን እንዳቆጸረ ማዕረ ወዲ ተባዕታይ 32 ኣስናን ከም ዘለወን መረጋገጸ ኔሩ" ኢሎም። ሕጂ ከኣ ንበዓል ዲና ሙፊቲ፣ ተኣምራት ነገራ፤ ማርቲን ፕላዉት፣ ዶክተር ዳቪድ ሽን፣ ዝኣመሳሰሉ ሃሞሪቢ ዝብል ሽም ኣጠሚቐዮም ኣሎኹ። ስለዚ ኣብ ክንዲ በብሓደ ሽምም እንደጠቐስና ግብረ-መልሲ ንህብ በዚ ሓባራዊ ናይ ኮድ ሽሞም ሃሞራቢ ንበሎም። ምኽንያቱ ብዛዕባ ሕዝቢ ኤርትራ ዘለዎም ኣረኣእያ ልክዕ ከምዚ ናይ ሃሞራቢ ጉጉይ ኣረኣእያ ኢዩ ዘለዎም። እንታይ ኮዮኖም ካብ ዉድቀት ሃጸይ ሃይለስላሰ ፤መንግስቱ ሃይለማርያም ፤ መለስ ዜናዊ፤ ከምኡ ከኣ ሕጂ ብዓብዩ ዉድቀት ወያኔ ዘይምሃሩ። ብዛዕባ ካብ ዉድቀት ትምህርቲ ዘይምርካብ ፈላስፋ ካንት ዝበሎ ይሰማማዓሉ ኢየ። ኣብ መጽሓፍ "A history of western phlosophy: Kant and the Nineteenth Century, second edition, revised, by W. T. Jones " ገጽ 43 ተመልከት። ካንት ዝብል "ሓደ ነገር ክትምሃረሉ ትኽእል ንነገራት ብስሩዕ ትዕዝብቲ ካብ ተሞክሮ ኢዩ"። ልክዕ ኣበሃህላ ኢዩ። ናይ እዚኦም ሃሞራቢ ጸገም ኡኮ ንነገራት ብስሩዕ ትዕዝብቲ ተሞክሮ ዘይምዉሳዶም ኢዩ። ኣብ 1991 ገድሊ ኤርትራ ድሕሪ 30 ዓመታት መሪር ቃልሲ ሓርነት ኤርትራ ኣረጋጊጹ፤ ኣብ 1993 ብረፈራንደም እወ ንነጻነት በ99.98 ኣድሚጹ ኣረጋጊጹ፤ ኣብ 2002 ብዉሳኔ ኮሚሽን ዶብ ልዕላዊነቱ ኣረጋጊጹ። ሓደ ውልቀ ሰብ እንተድኣ ብዛዕባ ነጻነትን ልዑላዊነትን ኤርትራ ተሞክሮ ክህልዎ ኮይኑ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ስሩዕ ትዕዝብቲ ክህልዎ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ከምዚ ሃሞራቢ ኣብ ክንዲ ስሩዕ ትዕዝብቲ ብዛዕባ ኣስናን ደቂ ኣንስቲዮ ኣጽንዑ ዝዘረብ ከም ዝመጻሉ እንዳተዛረበ ንነዊሕ ግዝያት ንሰባት ኣእሚኑ ኣጋግዩ። እሞ ኸኣ ኣብ ጥቕኡ ሰበይቱ፣ ኣዋልዱ፣ ናይ መቕርቡ ኮነ ናይ ጎረባብቱ ደቂ ኣንስቲዮ እንዳሃለወ፤ ኣብ ክንዲ ስሩዕ ትዕዝብቲ ምዉሳድ ብመን ከማይ ትምክሕቲ ተነፊሑ ብግልጺ ሰባት ኣኪቡ ጌጋ ሓበሬታ ይምህር ኔሩ። ናይ ዘበና ሃሞራቢ ከኣ ኣብ ክንዲ ነዚ ስሩዕ ናይ ኤርትራ ነጻነትን ልዑላዊነትን ካብ ትዕዝብቲ ተሞክሮም ዝምሃሪሉ ብወጀ ሃላይ ወይ ከኣ በዘፈቀደ ከም ዝመጸሎም ይዛረቡ ኣለዉ። ዕሽሽ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ምኽንየቱ ኣበሃህላ ሃሞራቢ ክሳብ ብዓል ኣሪስቶቲል ዝመጹ ንደቂ ሰባት ኣጋጊዩ ኢዩ። ሕጂ ከኣ ነዚኦም ናይ ዘበና ሃሞራቢ ካብ ስሩዕ ትዕዝብቲ ተሞክሮ ቀሲሞም ክመሃሩን ክፈልጡን መታን ስሩዕ ትዕዝብቲ ከም ዝወስዱ ምግባር ናትና ሓላፍነተ ኢዩ። መታን ኩሉ ክፈልጦ ሼር በልዎ።

Tesfamicael Yohannes Teckle
Oslo, Norway

www.afronorway.com
Epost tesfamicaelyohannes@gmail.com

Sensitivity: Internal